Eskilstuna kommun

Information på tigrinya

# ቅንያት ምምራጽ ቤት-ትምህርቲ እተእትዉሉ ግዜ 1 ሕዳር – 15 ታሕሳስ

ምምራጽ ቤት ትምህርቲ
ህጻናት ኤስክሊቱና፡ ኣብቲ ብመንግስታዊ ምምሕዳር ዝካየድ ኣብያተ ትምህርቲ መባእታ፡ ምዱብ ቦታ ኣለዎም። ውላድኩም፡ ኣብቲ ምዱብ ቤት ትምህርቲ መባእታ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ፡ ንስኹም ካልእ ብምምሕዳር ኣብ ዝካየድ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ ናይ ውልቂ ቤት ትምህርቲ ክትመርጹሎም ትኽእሉ ኢኹም።
ኣብቲ ትሓትዎ ቤት ትምህርቲ፡ እቶም ቤት ትምህርቲ፡ ብመሰረት እቲ ዘለዎም ዓቕሚ ርእዮም ይቕበሉኹም።

ምምራጽ ኣብያተ ትምህርቲ፡ ካብ 1 ሕዳር – 15 ታሕሳስ ኣብ ዘሎ ግዜ እዩ ዝካየድ።

ቤት ትምህርቲ ኣብዚ ኢኹም ትመርጹ
ነታ እትደልይዋ ቤት ትምህርቲ፡ ኣብ eskilstuna.se/skolval ኣቲኹም ትመርጽዋ። ውላድኩም፡ ቅድመ-ትምህርቲ፡ ወይ 4ይ ክፍሊ ወይ ከኣ 7ይ ክፍሊ ዝጅምር እንተኾይኑ፡ እቲ ምርጫ ቤት ትምህርቲ ብመገዲ ኢንተርነት e-tjänsten ኣቢልኩም ትመርጹ። ንስኹም ባዕልኹም፡ ቤት ትምህርቲ እንተ ዘይመረጽኩም፡ እቲ ቈልዓ ኣብቲ ዝተመደቦ ቤት ትምህርቲ ይጅምር። ኣብዚ መርበብ እዚ፡ ቤት ትምህርቲ ክትመርጽ ከለኻ ብኸመይ ኣገባብ ከምዝምረጽ ዘርኢ፡ ካልእ ሓበሬታ`ውን ይርከብ'ዩ።

ምምራጽ ብሕታዊ ቤት ትምህርቲ
ብሕታውያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ናይ ባዕሎም ዝኾነ መሕትት ቅጥዒ መመዝገቢ ኣለዎም፡ እቲ ናይ ምቕባል መስርሕ ድማ፡ ንሳቶም ባዕሎም እዮም ዘመሓድርዎ። ንስኹም፡ ነቲ ብብሕቲ ዝካየድ ቤት ትምህርቲ ክትመርጹ እንተደሊኹም፡ ባዕልኹም፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ብቐጥታ ክትረኽብዎ ይግባእ።

ውጥን ግዜ

- መወዳእታ ሰሙን ናይ ወርሒ ጥቅምቲ፡ እቶም ቅድመ ትምህርቲ፡ 4ይ ክፍሊ ከምኡ'ውን 7ይ ክፍሊ ዝጅምሩ ቈልዑ ዘለውኹም፡ ብዛዕባ ምምራጽ ቤት ትምህርቲ ዝምልከት ሓበሬታ፡ ኣብ ኣድራሻኹም ክመጸኩም እዩ።
- 1 ሕዳር፡ እቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ዝለኣኽ፡ ጠለብ እተእትዉሉ መስርሕ ይኽፈት
- ኣብ ወርሒ ሕዳር – ታሕሳስ፡ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ምስ ህዝቢ ዝላለያሉ፡ ክፉት ዘተ ይህልወን። ኣብዚ ግዜ እዚ፡ ኣብተን ኣብያተ ትምህርቲ ክትበጽሑ ዕዱማት ኢኹም። ናይ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ዕለትን ግዜን ብዝምልከት፡ ኣብ eskilstuna.se/skolval ኣቲኹም ክትረኽብዎ ይከኣል።
- 15 ታሕሳስ እቲ ናብ ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ዝቐርብ ጠለብ ይዕጾ
- ኣብ መወዳእታ ሰሙን ናይ ወርሒ ለካቲት፡ ውላድኩም ኣበየናይ ቤት ትምህርቲ ንኽጅምር ከምዝተመደበ፡ ሓደ ውሳነ ይመጸኩም።
- መፋርቕ ወርሒ ነሓሰ፡ ትምህርቲ ዝጅምረሉ ግዜ እዩ። ብዛዕባ ናይ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ፡ ዕለትን ሰዓታትን ብዝምልከት፡ ኣብ  መርበባት ሓበሬታ እተን ኣብያተ ትምህርቲ ኣቲኹም ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

ኣብታ ዝመረጽኩማ ቤት ትምህርቲ ቦታ እንተዘየለ፡ እንታይ የጋጥም?
ብቐዳምነት እተን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ነቶም ኣብ ከባቢአን ዝርከቡ ክቕበላኦም ዝግብአን ህጻናት እየን ዝቕበላ። ድሕሪኡ፡ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ፡ ዝያዳ ተወሰኽቲ ተመሃሮ ክትቅበል ቦታ እንተልይዋ፡ በቲ ዝቐረበ መምዘኒ ጌራ ከከም ቀዳምነቱ ብምስራዕ ትቕበል:

- ተዘማዲ ቅርበት*
- ሓው ወይ ሓፍቲ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ እንተሎ
- ዕጫ

*ተዘማዲ ቅርበት ክብሃል ከሎ፡ ካብ መንበሪ ቤት እቲ ህጻን (ኣብ መዝገብ ዘሎ ኣድራሻ) ክሳዕ እቲ ጐደና ቤት ትምህርቲ ዘሎ ርሕቀት ማለት እዩ። እዚ ማለት ከኣ፡ እንተደኣ ክልተ ቈልዑ "ሀ" ከምኡ'ውን "ለ" ኣብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ክመሃሩ ሓቲቶም፡ እታ ቤት ትምህርቲ ድማ ሓደ ሰብ ጥራይ ክትቅበል እንተኾይና፡ ነቲ ናብ ካልእ ኣብያተ ትምህርቲ ንምኻድ ዝርሕቆ ህጻን፡ እቲ ቀዳምነት ንዕኡ ይወሃብ ማለት እዩ።

ካልእ ክትፈልጥዎ ጽቡቕ ዝኾነ

ኣብያተ ትምህርቲ መባእታ፡ ምስ ህዝቢ ዝላለያሉ ክፉት ዘተ
ኣብ ወርሒ ሕዳርን ታሕሳስን፡ ንስኹምን ውላድኩምን ናብቲ ክፉት ዘተ ኣብያተ ትምህርቲ መባእታ ክትመጹ ዕዱማት ኢኹም። ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ፡ ክፉት ዘተ እትገብረሉ ዕለትን ሰዓትን ብዝምልከት፡ ኣብ eskilstuna.se/skolval ኣቲኹም ምርኣይ ይከኣል።

ቋንቋ ኣደ
ውላድኩም ካብ ቋንቋ ሽወደን ዝተፈለየ ካልእ ቋንቋ እንተለዎም፡ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፡ ሓገዝ ቋንቋ ኣደ፡ ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ድማ ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።
ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ eskilstuna.se/modersmal ኣሎ። ነዚ ብዝምልከት ጠለብ'ውን ኣብዚ መርበብ እዚ ኢኹም ተእትውዎ።

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ኣብ eskilstuna.se/grundskola ኣቲኹም፡ ብዛዕባ ኣብ ኤስኪልስቱና ዝርከቡ ኩሎም ብምምሕዳር ዝውነኑ ኣብያተ ትምህርቲ መባእታ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ከተንብቡ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ፡ እቶም ኣብ ጥቓኹም ዝርከቡ ኣብያተ ትምህርቲ ኣየኖት ምዃኖም ንምርኣይን፡ ኣብያተ ትምህርቲ ንምውድዳርን፡ እተን ኣብ ኤስኪልስቱና ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ምቕባል ዝኽተላኦ ቅጥዕታትን ንምርኣይ፡ ተኽእሎ ኣለኩም።

ብዛዕባ ካርድ ኣውቶቡስ፡ መዓልትታት ትምህርቲ፡ መጓዓዝያ ቤት ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ውሕስነት ብዝምልከት፡ ሓበሬታ ክትረኽቡ'ውን ይከኣል።

ኣብ eskilstuna.se/skolval ኣቲኹም፡ ብዛዕብ ምምራጽ ኣብያተ ትምህርቲ መባእታ ዝምልከት ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም። ሕቶ እንተለኩም፡ ኣብ ኤስኪሊስቱና ብቐጥታ ብተሌፎን 016-710 10 00 ወይ ብ ኢ-መይል info@eskilstuna.se ብቐጥታ ክትሓቱ ትኽእሉ።

ብኣካል ክትመጹ ምስ እትደልዩ'ውን ኣብ Alva Myrdalsgata 5 ኣብ ኤስኪልስቱና.